# ቅድስቲ ለካቲት

ኣብ ወርሃ ለካቲት ቅድስተ ቅዱሳን
ተንስኡ ዘእም ነገደ ብዙሃን
ደቀ መዘምር መትከላውያን
ደቂ ሓደ ልቢ ስጡም ኪዳን

ውሑዳት ተባዓት ዘብርሁዋ ሽምዓ
ሃመማ በዚሐን ንዓኣ ክፀፍዓ
ዚው ዚው ኣብዚሐን ከይፈለጣ ቅጥዓ
ግን ኣባሪዓተን ደሚቓ እምብዛ በርቲዓ

ለካቲት ዕምበባ ኣዕሲላ ኣንሂራ ብዱላት
ትብዓት ውፍይነት ዝጠየቐት ዘይገልፆ ቓላት
ድፍን ዓዲ ተባፂሓ ኣብጫፍ ተለኲሳ ዝበርሀት
ህያው ኮይና ክፉሎ ናይ ኣሻሓት ክቡር ሂወት

ንግስቲ ኣሃዝ እያ ግርናብ ናይ ግምባርና
ክቡር ክብሪ ደሪባ መፍለይ መንነትና
ዝሸመናያ ውርሲ ኮቲ ነብሲ ወለድና
ካብ ምብራስ ዘድሐነት ቱታን ዋልታን ኮይና

ዝወራረስ ትብዓት ዝደምቐ ከምወርቂ
ሓድጊ ወለድና ዘይምንጠል ንፍርቂ
ሓሰውቲ ካሓድቲ እንተበዝሑ ከኾንዋ ዓንቂ
ደሚቓ ትረትዖም ብልጭታ ናይ በርቂ

ውልደትያ ድሕነት ኩለ መዳይ
ወለዶ ሎቀኣማ ኣብሪቓቶ ፀሓይ
መንነት ከይበርስ ከይኮን ፅውፅዋይ
ለካቲት ንደቃ ካብ ኣዋርሕ ሰናይ

ተግባር ምስክርዩ ሓሳዊ ዘይስዕሮ
ዝሰጋገር ውርሲ ወለዶ ዝዓቑሮ
ክፍሊት ሂወትና ማህደራት ዘስፈሮ
ደሪስካ ዘይሃልቕ ክብርና ዝፀሮ

ቁንጣሮ ተቢሂሎም ወረቐት ቀደድቲ

መልክዕ ብምፍላዮም ተብሂሎም ፀበብቲ

ወሸን ተባሂሉ ክእረዩ ሓንቲ በቢሓንቲ

መዝረ በዚሖሞም ከይበዝሑ ምእንቲ

ኣሸማት እንዳተሓርየ ዓይነት ብዓይነቱ

ክሳድያ ክሕነቕ ክቖርቀር ነፂሎም ከፅንቱ

ፍጡር ሰብ ፈንፊኖም መሪዖም መሬቱ

ተእግሬ ኢሎም ፈኪሮም ከንፅሉ ሰረቱ

ግን ኣይኮነን ለካቲት ሕውየትያ

ሕውየት ምሉእ ሃገረ ኢትዮድያ

ድኸነት ዕግርግር ዓለም ዘለለያ

ነዚኹሉ ፈሑቓቶ ለካቲት ውልደት ኣእላፍያ

## ዘለኣለማዊ ክብሪ ዝኸሪ ንስዋኣትና !!!

## ለካቲት ዓሰርተ ሓደ እንዳደመቐት ትንበር !!!

ብርሃነ እየ

ኖርዌይ